ያኣክል ንደንበ ተቃውሞዩ ዝምልከት;ለበዋ; ንተሳተፍቲ ጉባኤ;ንኤርትራዊ ሃገራዊ;ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ; ምፍልላይ ኣይኑብዘሕ; ህዝቢ እንዳ ጠፍኤ፣ተመኩሮ ኣለና ናይ ኣቃቂ ኣዋሳ፣ኣነ ኣነ እዩ ንባይቶ ዝረመሳ።



ንካላኣይ ጉባኤ ባይቶ ተዳሎ;ብውክልና ተበገሰ ይብሃል ስለ ዘሎ; ህዝቢ ካብ ጉባኤ;እንታይ ይጽበ ሎ;ዝበሃል ዘሎ; ዓወት;ናይ ሃገራዊ ባይቶ; ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ;;ህዝቢ ብሃንቀውት ብስራት ይጽበ ኣሎ;;ሳዕሰዕ እሞ; ሰራሕካ ኣይትረሰዕ;ንጠንቀቕ ካብ በዓል መዘንግዕ; ከየዘንግዑና እንዳ በሉ ጽግዕ;;

ምፍንጫል ያኣክል;ህዝቢ ኣብ ውሳንየ ባይቶ ክዓሰል; ትጽቢት ኤርትራዊያን ነዚ ይመስል;ያኣክል ጌጋ ከይንደግም; ተንኮል ዝኣልም;ለኪሙና ከይብል ህልም; ወከልቲ ህዝብን ውድባትን;መልእኽትና ኑብስል ኑብስል;;

ኣብ ጉባኤ ሸወደን;ኣብዚ ዘለናዮ ፈታኒ እዋን;ጭርሖና ኤርትራ ንኤርትራዊያን;;ምፍንጫል ያኣክል;;ዝሐለፈ ታሪኽና ንዘክር;;ብደገን ውሸጥን ንህዝብና ዓወት ምስ ነበሰር;ሽዑ ኢና ሐርነት ንዓትር ንዓትር;;

ትርጉም የብሉን ምስ ኮነ ወየ;መሰረታት ደድሕሪ ፈላለይቲ ኣይንጉየ;ብናይ ሐባር ውሳኔ፣ምስቲ ን28 ዓመት;ንህዝብና ዝበተነ፣ባይቶ ተኺልና ብሕጊ ክንፈዲ ሕነ፣ኣብ ጥቓ ትኪ፣ ዘሎ ቀልዓ ኣይተብኪ፣ነደ ጀጋኑ ማፍያዊ ጉጅለ ዝደፈረኪ፣ነደ ጀጋኑ ክንብላ ኣጆኺ ኣጆኺ።

ስኒትናዩ ህዝብና ዝምነዮ;ጎደሎ መኣዲ መን ይደልዮ; ምፍንጫል;ያኣክል;ንኹን;ሐንቲ ዋልታ;ብስኒት ክንወርድ ኣብ ባይታ;ብናይ ሐባር ባይቶ፣ንህግደፍ ክንምክቶ፣ ሐርነት መስዋእቲ እዩ ዝሐትት፣ ኣብ ባይታ ወሪዱ ዝምክት፣ብስኒት ንህግደፍ; ክንገጥሞ ፊት ንፊት።

ኣነዶ ንሰኻ ንዓዲ መዓስ የእቱ፣ዓገብ ክንብል ዓመታት ሐሊፉ፣መሰልናን ነጻነትናን፣ ብጃንዳ ህግደፍ ተገፊፉ፣ ቀዳማይ ታርገትና ህግደፍ፣ዓወትና ክቃላጠፍ፣ ዘረባ ዝሕላገቱኽ ኣብ ዘለዎ ይትረፍ።

ኣብ ደንበ ተቃውሞ ዘሎ; ደላይ ፍትሒ ዝመሰል፣ ክንብሎ ሸፍንፍን ያኣክል፣ባይቶ ተኺልና ንህግደፍ ክነፍርስ፣ዝተሰደደ ንዓዱ ክምለስ፣ስልጣን ህዝቢ ዝመንጠለ ክፍደስ፣ቅዋም ብምሁራን ሕጊ ክሕደስ፣ ኣብ ቅዋማዊት ኤርትራ ክኸውን ደስ ደስ።

ባይቶ ተዓዊቱ ምስ ዝወጽእ፣ንህዝቢ ካብ ባርነት ሐራ የውጽእ፣ ሾዑ ገዓት ጠስሚ ክኣቱ፣ ገዓት ሐምሊ ክመጽእ፣ እዚዩ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ለበዋ፣ኣደታት ንውሳኔ ባይቶ ይጽበያ ኣለዋ፣ህግደፍ ምስ ፈረሱዩ ንወላዲት ጃጋኑ ዝርህዋ።

ሸዑ እቶም ካብ ባይቶ; ወጸኢ ዘለዉ; ቅዱስ ቅንኢ ክቀንኡ; ኣብ መጻኢ;ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ክንሃንጽ; ዓወት;ንኤርትራዊ;ሃገራዊ;ባይቶ፣ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ; ህዝብና ክድሕን ካብ ናይ ጭፍራ ህግደፍ ጸቕጢ;;

ዓወት ነቲ ደም ዝኑብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ;ክብርን ሞገስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ካብ ዉሸጡ ሐሩር ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።

ኣብ ካላኣይ ጉባኤ,,ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዝተነበበት ግጥሚ,,19 04 2019,ስቶኮሎም።